ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅዱስ ገብሪኤል ቤተ ክርስትያን ኒውዮርክን ከባቢኣን
St. Gabriel Eritrean Orthodox Tewahdo Church
C/O Our Lady of Lourdes R.C. Church 469 W. 142 NY, NY 10031

## ብሓልዮት ትምህርቲ ሰንበት ዝተዳለወ

# ትንቢት ዮናስ

*መእተዊ*

ትንቢት ዮናስ፥ ብዛዕባ ሓደ ትእዛዝ እግዚኣብሔር ኣይፍጽምን ዝበለ ነቢይ ዚነግር ዛንታን ብዛዕባ ዝተጋጠሞ መከራን ዚገልጽ መጽሓፍ ስለ ዝኾነ፥ ካብተን ካልኦት መጻሕፍቲ ትንቢት ፍልይ ዝበለ መልክዕ ዘለዎ እዩ። እግዚኣብሔር ንዮናስ ናብታ ርእሲ ኸተማ ኣሶር ዝኾነት ነነዌ ኪኸይድ ኣዘዞ። መንግሥቲ ኣሶር ኣውራ ጸላኢት እስራኤል እያ ዝነበረት። ዮናስ ግና፥ "እግዚኣብሔርሲ ኸምቲ ዝበሎ ገይሩ ንነነዌ ኣይከጥፍኣን እዩ" ኢሉ ስለ ዝኣመነ፥ ቃል እግዚኣብሔር ኈዙ ናብታ ኸተማ ኺኸይድ ኣይፈተወን። እንተ ኾነ ድኅሪ ኃያሎ ምልክታት፥ ባህ ዘይበሎ ኸነሱ ትእዛዝ ኪፍጽም ከደ። እቲ ዝተዛረቦ ትንቢት ማለት ጥፍኣት ከተማ ነነዌ ኸም ዘይተፈጸመ ምስ ረአየ ድማ ኹረየ።

እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊ ፍጥረቱ ምሉእ ሥልጣን ከም ዘለዎ ትንቢት ዮናስ ኣብሪሁ ይገልጽ። ልዕሊ ኹሉ ግና፥ እግዚኣብሔር፥ ኣምላኽ ፍቕርን ምሕረትን ከም ዝኾነ፥ ንጸላእቲ ሕዝቡ ኸኣ ኻብ ምጥፍኣምሲ ምምሓሮምን ምድኃኖምን ከም ዚፈቱ ይገልጸልና።

ትኅዝቶ

ዮናስ ተጸዊዑ ከም ዝኣበየ 1:1-17
ዮናስ ተጣዒሱ ከም ዝደኃነ 2:1-10
ዮናስ ናብ ነነዌ ዘብጽሖ ስምዕታ 3:1-10
ምሕረት እግዚኣብሔር ንነነዌ 4:1-11

---

## ምዕራፍ 1

### ዮናስ ንእግዚኣብሔር ምእዛዝ ከም ዝኣበየ

[1-2] ሓደ መዓልቲ እግዚኣብሔር ንዮናስ ወዲ
ኣሚታይ "ተንሥእ እሞ ናብ ነነዌ ናብታ ዓባይ
ከተማ፥ ኪድ። እከይ ሕዝባ ዓቢይ ከም ዝኾነ
ፈሊጠ ኣሎኹ እሞ ኣንጻራ ስበኽ" በሎ።
[3] ዮናስ ግና ኻብ ገጽ እግዚኣብሔር
ኪሃድም ናብ ተርሴስ*[1] ተበገሰ፥ ናብ ኢዮጴ
ኸኣ ወረደ፥ ናብ ስፐይን እትኃልፍ መርከብ
ድማ ረኸበ። ካብ ገጽ እግዚኣብሔር ምእንቲ
ኪርሕቕ፥ ምስኣቶም ናብ ስፐይን ኪኸይድ
ከኣ ዋጋ ኸፊሉ ናብ መርከብ ኣተወ።
[4] እግዚኣብሔር ድማ ናብቲ ባሕሪ ህቡብላ
ንፋስ ሰደደ፥ እታ መርከብ ክትስበር ክሳዕ
እትቕርብ፥ ኣብቲ ባሕሪ ብርቱዕ ማዕበል ኮነ።
[5] እቶም ባሕረኛታት ድማ ፈርሁ፥ ነፍስ
ወከፎምውን ነናብ ኣምላኹ ተማህለለ። ምእንቲ
ኺፈኹስሎም ከኣ፥ ነቲ ኣብታ መርከብ ዝነበረ
ኣቕሑ ናብ ባሕሪ ደርበይዎ። ዮናስ ግና ናብቲ
ታሕታይ ክፍሊ እታ መርከብ ወሪዱ ተገም
ሲሉ፥ ከቢድ ድቃስውን ደቂሱ ነበረ።
[6] እቲ ሓለቓ መርከብ ከኣ ናብኡ ቐሪቡ
"ኣታ ደቃሲ፥ እንታይ ትገብር ኣሎኻ፧
ተንሥእ፥ ምናልባሽ ራኅራኁ እንተ ኣድኃነና
ናብ ኣምላኽካ ተማህለል" በሎ።
[7] ንሓድሕዶም ድማ "እዚ መከራ እዚ
ብሰሪ መን ይረኽበና ኸም ዘሎ ምእንቲ
ኽንፈልጥሲ፥ ንዑ ዕጫ ነውድቕ" ተበሃሃሉ።
ሽዑ ዕጫ ኣውደቑ፥እታ ዕጫ ኸኣ ኣብ ዮናስ
በጽሐት። [8] ንሳቶም ከኣ "ንገረና ኾታ፥ እዚ
ረኺቡና ዘሎ መከራስ ብሰሪ መን እዩ፧ ዕዮኻ
እንታይ እዩ፧ ካበይከ መጺእካ፧ ብዓል ኣየናይ
ሃገርከ ኢኻ፧ ካብ ኣየናይ ሕዝቢኸ ኢኻ፧"
ኢሎም ሓተትዎ።
[9] ንሱ ኸኣ "ኣነ ዕብራዊ እየ፥ ነቲ ባሕርን
የብስን ዝፈጠረ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ሰማይ
ውን ዘምልኽ እየ" በሎም። [10] ሽዑ እቶም
ሰባት ንሱ ኻብ ገጽ እግዚኣብሔር ኪርሕቕ
ይሃድም ከም ዘሎ ባዕሉ ስለ ዝነገሮም፥
ፈለጡ፥ ኣዝዮምውን ፈርሁ እሞ "ስለምን
ታይ ደኣ እዚ ገበርካ፧" ኸኣ በልዎ። [11] እቲ
ባሕሪ ማዕበሉ እናበርትዐ ይኸይድ ስለ ዝነበረ
ኸኣ፥ ንሳቶም "ባሕሪ ኺሃድኣልናስ እንታይ
ንግበር፧" በልዎ።
[12] ንሱ ድማ "እዚ ብርቱዕ ማዕበል ብሰረይ
ከም ዝበጽሓኩም ፈሊጠ ኣሎኹ እሞ፥
ኣልዒልኩም ናብ ባሕሪ ደርብዩኒ፥ እቲ ባሕሪ
ኸኣ ኺሃድኣልኩም እዩ" በሎም።
[13] እቶም ሰባት እናቐዘፉ ናብ ምድሪ
ኺምለሱ ኣበርቲዖም ይጋደሉ ነበሩ። ግናኸ እቲ
ባሕሪ ማዕበሉ እናበርትዖም ስለ ዝኸደ ኣይከኣ
ሎምን። [14] ሽዑ "ኦ እግዚኣብሔር፥ ንልምነካ
ኣሎና፥ ሕይወት እዚ ሰብ እዚ ስለ ዘጥፋእና
ኣይትቕጽዓና፥ ኦ እግዚኣብሔር፥ ዝፈቶኻዮ
ኹሉ እትገብር ኢኻ እሞ ንጹሕ ደም
ኣፍሲስኩም ኢልካ ኣይትጸባጸበና" ኢሎም ናብ
እግዚኣብሔር ተማህለሉ [15] ንዮናስ ኣልዒሎም
ድማ ናብ ባሕሪ ደርበይዎ፥ እቲ ባሕሪውን
ሽዑንሽዑ ሃድአ። [16] እቶም ሰባት ከኣ ንእግዚ
ኣብሔር ኣዝዮም ፈርህዎ፥ መሥዋዕቲ ድማ
ሠውዑሉ፥ መብጽዓውን ተመባጽዑ።

---

1:1። 2ነገ. 14:25።
1* 1:3 ተርሲስ፦ ተርሴስ ሎሚ እስፔን ዚብሃል ዘሎ እዩ።

17 ንዮናስ ከአ ብትእዛዝ እግዚአብሔር ሓደ
ዓቢይ ዓሣ ወሐጦ። ዮናስ ከአ ኣብ ከብዲ ዓሣ
ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ገበረ።

## ምዕራፍ 2

### ጸሎት ዮናስ

1 ዮናስ ኣብ ከብዲ ዓሣ ኾይኑ፥ ናብ
እግዚአብሔር ኣምላኹ ጸለየ።
2 "ካብ መከራይ ዝተላዕለ ናባኻ ናብ
እግዚአብሔር ኣእዌኹ፥
ንስኻ ኸአ መለስካለይ።
ኣብ ዓዲ ምዉታት ኮይነ ኣእዌኹ፥
ንስኻውን ድምፀይ ሰማዕካ።
3 ንስኻ ናብቲ መዓሙቝ፥ ናብ ልቢ
ባሕሪ፥
ደርቤኻኒ፥ ወሓይዝ ከበበኒ፥
ኵሉ ማዕበልካን ሞገድካን ብልዕለይ
ኃለፈ።
4 ኣነ ኸአ 'ካብ ቅድሚ ኣዕይንትኻ
ተሰጐጐኩ፥
ግናኸ ናብ ቅዱስ መቕደስካ መሊስ
ኽጥምት እየ' ኢለ ሓሰብኩ።
5 ማያት ኣጥሓለንን ሓነቖንን፥
መዓሙቝ ባሕሪ ኸአ ኣስጠመኒ፥
ሣዕሪ ባሕሪ ኣብ ርእሰይ
ተጠምጠመ።
6 ናብ መሠረት ኣኽራን
ናብቲ መዓጹኡ ንሓዋሩ ዕጽዊ ዝኾነ
ምድሪ ወረድኩ።
ንስኻ ግና ኦ እግዚአብሔር
ኣምላኸይ፥
ብሕይወተይ ካብ ጉድጓድ ኣውፃእካኒ።
7 ክመውት ቀሪበ ኽጽዓር ከሎኹ፥
ኦ እግዚአብሔር ኣምላኸይ፥ ናባኻ
ጸሎኹ፥
ንስኻ ኸአ ኣብ ቅዱስ መቕደስካ
ኼንካ ሰማዕካኒ።
8 እቶም ከንቱ ዝኾኑ ኣማልኽቲ ዜምልኹ፥
ንኣኻ ንወሃብ ጸጋኦም ይኃድጉ።
9 ኣነ ግና ብመዝሙር ከመስግነካ እየ፥
መሥዋዕቲ ኽቕርበልካ እየ፥
ነቲ ዝተመባጻዕክዎ ኸአ ኽፍጽሞ እየ፥
ምድኃን ካባኻ ካብ እግዚአብሔር
እዩ።"
10 ሽው ብትእዛዝ እግዚአብሔር እቲ ዓሣ
ንዮናስ ናብቲ ንቑጽ ምድሪ ተፍኦ።

## ምዕራፍ 3

### ዮናስ ንእግዚአብሔር ከም ዝተኣዘዞ

1-2 ንኻልኣይ ጊዜ ኸአ እግዚአብሔር ንዮናስ
"ተንሥእ፥ ናብ ነነዌ፥ ናብታ ዓባይ ከተማ
ኪድ፥ ኣነ ዝህበካ መልእኽቲ ስበኸላ" በሎ።
3 ዮናስ ንእግዚአብሔር ተኣዘዞ፥ ተንሢኡ ኸአ
ናብ ነነዌ ኸደ። ነነዌ ግና ንምቊራጻ ሠለስተ
መዓልቲ እትወስድ፥ ኣዝያ ዓባይ ከተማ
ነበረት። 4 ዮናስ ናብታ ኸተማ ኺኣቱ መገዲ
ሓንቲ መዓልቲ ምስ ተጓዕዘ "ነነዌ ኣብ ውሽጢ
እዘን ኣርብዓ *2 መዓልቲ እዚኣን ኽትግምጠል
እያ" ኢሉ ንሕዝቢ ነነዌ ሰበኸሎም።
5 ሰብ ነነዌ ኸአ ነቲ ናይ ኣምላኽ መልእኽቲ
ኣመንዎ። ኵሉ ኺጸውም ድማ ኣወጁ፥ ከም
ዝተጣዕሱ ምእንቲ ኼርእዩ ኸአ ካብ ዓበይቶም
ክሳዕ ናእሽቱኦም ወርጪ ተኸድኑ።
6 እዚ ወረ እዚ ናብ ንጉሥ ነነዌ በጽሐ፥
ንሱ ድማ ካብ ዝፋኑ ተንሢኡ፥ ልብሲ
መንግሥቱ ቐንጠጠ፥ ወርጪ ተኸዲኑ ኣብ
ሓሙኹሽቲ ተቐመጠ። 7 ኣብ ሕዝቢ ነነዌ ኸአ
ኣዋጅ ኣወጀ:- "እዚ ዚስዕብ ትእዛዝ ንጉሥን
መኳንንቱን እዩ:- ሰብ ወይ እንስሳ ገለ ነገር
ኣይጥዓሙ። መጓሰ ኸብቲ ኾነ መጓሰ ኣባጊዕ
ገለ እኳ ኣይጥዓማ፥ ኣይውፈራ፥ ማይውን
ኣይስተያ። 8 ሰብን እንስሳን ወርጪ ይኸደኑ፥
ዓው ኢሎም ድማ ናብ ኣምላኽ ይማህለሉ
ነፍስ ወከፍ ከአ ካብ እኩይ መገዱን ካብቲ
ኽፉእ ግብሩን ይመለስ። 9 ምናልባሽ ኣምላኽ
ሓሳቡ ይልውጥን ካብ ጕሁር ቍጥዓኡ
ይምለስን ይኸውን፥ ንሕና ኸአ ካብ ጥፍኣት
ንድኅን ንኸውን፧"
10 ኣምላኽ ከአ ካብ እኩይ ግብሮም፥ ማለት
ካብ ክፉእ መገዶም ከም ዝተመልሱ ረአየ፥
ስለዚ ሓሳቡ ለወጠ፥ ከምቲ ተዛሪብዎ ዝነበረ
ኸአ ኣይቀጽዖምን።

## ምዕራፍ 4

### ኵራ ዮናስን ምሕረት እግዚአብሔርን

1 ዮናስ ግና በዚ ነገር እዚ ኣዝዩ ጕሃየ፥
ኰረየውን። 2 ናብ እግዚአብሔር ድማ "ኦ
እግዚአብሔር፥ እልምነካ ኣሎኹ፥ እቲ ኣብ
ሃገረይ ከሎኹ ዝተዛረብክዎስ እዚዶ ኣይኮነን፧
መሓርን ርኅሩኅን ንኹራ ደንጓይን ብዓል
ዓቢይ ምሕረትን ንእኩይ እትጥዓሰሉን ኣምላኽ
ከም ዝኾንካ ስለ ዝፈለጥኩ እየ፥ ኣቐዲመ ናብ
ስፔይን ዝሃደምኩ። 3 ኦ እግዚአብሔር፥ እም
በኣርሲ ሕጂ ካብ ብሕይወት ምንባርሲ
ሙማት ይኅሸኒ እሞ፥ እልምነካ ኣሎኹ፥
ውሰደኒ" ኢሉ ጸለየ።
4 እግዚአብሔር ድማ "ክሳዕ ክንድዚ
ክትቍጣዕዶ ይግብኣካ እዩ፧" ኢሉ ሓተቶ።
5 ዮናስ ከአ ካብታ ኸተማ ንወገን ምብራቕ
ኣቢሉ ወፀ እሞ ኣብኣ ተቐመጠ፥ ንርእሱ ድማ
ዳስ ገበረ። ነታ ኸተማ ዚወርዳ ኺርኢ ኸአ
ኣብ ጽላላ ተቐመጠ። 6 እግዚአብሔር ኣምላኽ
ከአ ንዮናስ ከተጽልሎ እሞ ካብ ሕሰሙ
ኽተናግፎ ኢሉ፥ ሓንቲ ተኽሊ ኣብቈለ፥ ኣብ
ልዕሊኡ ሽም እትዓቢ ድማ ገበራ። ዮናስውን
በታ ተኽሊ ኣዝዩ ተሓጐሰ። 7 ግናኸ ንጽባሒቱ


---

1:17። ማቴ. 12:40። 4:2። ዘፀ. 34:6። 4:3። 1ነገ. 19:4።
2* 3:4 ኣርብዓ:- "ዕብራይስጢ ኣርብዓ መዓልቲ ይብል። ትርጉም ሰብዓ ሊቃናት ግና ሠለስተ መዓልቲ"
ይብል።

# ጾመ ነነዌ



ምስ ወግሐ፥ ኣምላኽ ነታ ተኽሊ ሓሰኻ ኸም
ዚበልዓ ገበረ፥ ንሳ ኸኣ ነቐጸት። 8 ፀሓይ ምስ
በረቐት ድማ፥ ኣምላኽ ውዑይ ንፋስ ምብራቕ
ሰደደ፥ ፀሓይ ከኣ ንዮናስ፥ ክሳዕ ዜሕስሉ፥
ርእሱ ወቕዓቶ። ንሱውን "ካብ ብሕይወት
ምንባርሲ መውማት ይሓሸኒ" ኢሉ ንሕይወቱ
ሞት ለመነላ።
9 ኣምላኽ ከኣ ንዮናስ "ብዛዕባ እታ ተኽሊ
ኽትቍጣዕዶ ይግብኣካ እዩ፧" ኢሉ ሓተቶ።
ዮናስ ድማ "ክሳዕ ሞት ዜብጽሕ ቍጥዓ እኳ
ኽቕጣዕ ይግብኣኒ እዩ" ኢሉ መለሰሉ።
10 እግዚኣብሔር ከኣ "ንስኻ በታ ዘይደ
ኸምካላን ዘየዕቤኻያን፥ ብሓንቲ ለይቲ ዝበቘ-
ለት ብሓንቲ ለይቲ ድማ ዝጠፍኣት ተኽሊ
ትጕሂ ኣሎኻ። 11 ኣነኸ ነታ ዓባይ ከተማ
ነነዌ፥ የማኖም ካብ ጸጋሞም ኪፈልዩ ዘይክ
እሉ፥ ካብ ሚእትን ዕሥራን ሽሕ ዚበዝሑ
ሰብን ብዙኃት እንስሳን ዘለውዋ ክርኅርኃላ
ዘይግብኣኒዶ ይመስለካ፧" በሎ።




ሽዑ ብትእዛዝ እግዚኣቢሔር እቲ ዓሳ ንዮናስ ናብቲ ንቑጽ ምድሪ ተፍኦ። ትን፡ ዮናስ 2፡10

- ንዓና ኸኣ ኣምላኽ ይቕረ ክብለልና
- ከም ዮናስ ካብ ኣፍ ሓጢኣት ከውጽኣና
- ናብ ኣምላኽ ክንጽልን ክንጸውምን ይግበኣና!!!

ጾመ ነነዌ ካብ ሰኑይ ዕለት 18 የካቲት ክሳብ ሮቡዕ 20 የካቲት (02/18/08-02/20/08) ስለዝውዕል ን3 መዓልቲ ንጹምን ንጸልን።

ኣምላኽ ጾምና ይባርኽ።

ዮናስ ንሕዝቢ ነነዌ ቃል እግዚኣቢሔር ክነግሮ ከሎ።



# ጾመ ነነዌ

- ጾመ ነነዌ ሰለስተ መዓልቲ ጥራይ እየን።
    - ብሓቀኛ እምነት ተጀሚሩ፡
    - ብልባዊ ጣዕሳን ንስሓን ተሰንዩ፡
    - ዓብን ንእሽቶይን ወጮ ተኸደኑ፡
    - ሰብን እንስሳን ዓው ኢሎም ተማህለሉ።

- ቅልጡፍ መልሲ ንጾመ ነነዌ
    - ዘንጠልጠለ መዓት ተመሊሱ፡
    - ምሕረት ኣምላኽ  ተጋሂዱ፡
    - ነነዌ ካብ ጉሁር መቕጻዕቲ ኣምለጡ።

- ንሕና ድማ ምእንቲ ሕይወትናን፡ ህዝብናን፡ዓለምናን ዓው ኢልና ብጾም 3 መዓልቲ ንጸሊ ሓደራ !!!

ኣምላኽ ከም ነነዌ ይምሓረና! ኣሜን።

ብሓልዮት ትምህርቲ ሰንበት ቅዱስ ገብርኤል ኒው ዮርክ 2008 ዝተዳለወ።